ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርሀ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

ብራሰልስ፡ በልጁም
28 ነሓሰ 2021

ሲምፖዝዩም ኤርትራ 2021

**ምሕያል ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኣብ ለውጥን ደምክራስያዊ ስግግርን**

ኣምባ. ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ

**መኽፈቲ መደረ**

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተሳተፍቲ ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2021:

ምዉቕ ሰላምታይ ብምቕዳም፡ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም።

ኣስዒበ፡ ኣብዚ ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ መላእ ዓለም ተላቢዑ፡ ንኹለን ሃገራትን ንኹሎም ህዝብታትን ብዘይ ኣፈላላይ፡ ብኣልማማ ብምጥቃዕ ዛጊት ልዕሊ 4.5 ሚልዮን ህይወት ሰብ በሊዑሉ ዘሎ ጽንኩር እዋን'ዚ፣ ኩሉ ስድራቤታዊ፡ ሞያውን ብሕታውን ጉዳያትኩም ኣወንዚፍኩም፡ ካብ ዚተፈላልዩ ኲርናዓት ዓለም፡ ኣብዚ ሲምፖዝዩም'ዚ ንምስታፍ ብምምጻእኩም ብልቢ ኣመስግን።

*ኤርትራ ሲምፖስዩም 2021* መቐጸልታ ናይቶም ቅድሚ ሕጂ ብሓልዮት *ኤሪ-ፕላትፎርም* ዚተኻየዱ ሰለስተ ተኸታተልቲ ሲምፖዝዩማት ኰይኑ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ንኤርትራን ንኤርትራዊ ዳያስፖራን ኣብ ዘገድሱ ሓሙሽተ ቀንዲ ቴማታት ዘተ ከተኵር ኢዩ። ዕላምኡ፡ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ'ዚ፡ ኣብቲ ኣብ ሃገርና ለውጥን ደሞክራስያዊ ስግግርን ንምምጻእ እነካይዶ ቃልሲ (1) ነቶም ዘጋጥሙና ብድሆታት ብውድዕ መሚና ንምምካት፤ (2) ነቶም ዚኽፈቱልና ዕድላት ኣለሊና ብግቡእ ንምጥቃም፤ (3) ዘዐውት ኣገባብ ቃልሲ ንምርዓም ዘኽእለና ኣድማዒ ስትራተጂ ንምድህሳስ ኢዩ።

ኣብዚ እቲ ናይ ቀረባ ጐደቦና ብብርቱዕ ኲናትን ዓሚቝ ቅልውላውን ዚናወጸሉ ዘሎ ተሃዋሲ እዋን'ዚ፡ ዘተና ብቐንዱ (1) ብዛዕባ እዋናዊ ሃለዋት ኲነ መሰረታዊ ረብሓ ሃገርናን ህዝብናን ሓባራዊ መረዳእታ ንምኹስኳስ፣ (2) ንፖለቲካዊ መጻኢ ሃገርና ዘርብሕ ሓባራዊ ራእይ ንምምዕባል፣ (3) ኣብ ሃገርና ርእሰ-ምምሕዳራዊ ለውጢ ኣብ ምቅልጣፍን ደሞክራስያዊ ስግግር ኣብ ምድራኽን፡ ተኽእሎ ኣበርክቶና ንምድህሳስ ዚሓለነ ኢዩ።

በዚ ሓጺር መእተዊ'ዚ፡ ናብቲ ቀንዲ ኣብዚ ዘአከበና ጉዳይ ክኣቱ እየ።

ኦቶ ፎን ቢስማርክ፡ እቲ ውሩይ ፕራሻዊ ፖለቲካዊ መራሕን መሃንድስ ሕብረትን ሃገረ ጀርመን፡ ኣብ ሓደ እዋን "ፖለቲካ ስነ-ጥበበ ናይቲ ዚከኣል፡ ዚፍጸም - ስነ-ጥበብ ናይቲ ቀጺሉ ዚበለጸ ኢዩ" ("politics is the art of the possible, the attainable – the art of the next best") ይብል። ካብ እዋን ቢስማርክ ኣትሒዙ፡ እቲ ዝውታረ ርየልፖለቲክ (realpolitik) ኣብ ጉዳይ ሃገር ናብ ደረጃ ምስላ ወይ ብሂል ደይቡ ይርከብ። እዚ ብሂል'ዚ፡ ሎሚ ምስ'ቲ ህሉው ኲነታት ሃገርና ብምዝማድ ኪርአ እንከሎ፡ ፖለቲካ ነቲ ህሉው ክዉንነት ናብቲ ኪኸውን ዚግብእ ክዉንነት ንምቕያር ዚሰላሰል ፕራግማታዊ ተግባር ምኳኑ ኪውሰኽ ይከኣል። ማለት፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉንነት፡ ኣብ መንጎ እቶም ዘለዉና *ባህግታት፡ ተኽእሎታትን ጸጋታትን* ሚዛን ዚሓለወ ቀጻሊ ጻዕሪ ብምክያድ፡ ናብቶም እንደልዮም ዕላማታት ገጹ ንምድፋእ ዚዓለመ ፕራግማታዊ ተግባር ኢዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ዳያስፖራዊ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ *ዚተመዛዘነ ሓባራዊ ባህግታት፡ ተኽእሎታትን ጸጋታትን* ዚተመስረተ ጥርናፈ ሃገራዊ ሓይልታት ምፍጣር ርኡይ ተደላይነት ኣለዎ። እቲ ተጐጃጂሉ፡ ስነ-ጥበብ ናይቲ ዘይከኣል

ርዒሙ፣ ኣብ ዓንኬል ናይ ሓድሕዳዊ ምምቕቓል፡ ምክሳስን ምትፍናንን ዕንክሊል ኪብል ዚጸንሐ ዳያስፖራዊ ፖለቲካ ኤርትራ ዛጊት ዕቱብ፡ ጥሙር፡ ኣድማዒ ተቓውሞ ከሰላስል ኣይከኣለን። ክንየው ግብራዊ ልምሰት፡ ብዙሓት ኣብቲ ቀጽሪ ተቓውሞ መኣዝኖም ስሒቶም፣ ብዋጋ ረብሓ ሃገሮምን ህዝቦምን፡ ናብ ኣብ ጒዳያት እንዳማቶም ዚቋየቑ፣ ንረብሓ ወረርቲ ዘገልግሉ ከዳዕቲ ሃገሮምን ህዝቦምን ተቐይሮም ኣለዉ። ብሓቂ፡ ሓድሓደ ውልቀሰባት፡ ፖለቲካዊ ጒጅለታትትን ማዕከናት ዜናን፡ ብፍላይ፡ ንቡር ደረታት ጭውነትን ሓላፍነታዊ ኤርትራውነትን ጥሒሶም ኣብ ደልሃመት ናይ በለጻዊ ዕሱብነት፡ ግሁድ ክድዓት ኰነ ርኡይ ከዳምነት ተዋፊሮም ኣለዉ።

ኣብ ትሕቲ ጒልባብ ናይ ተቓውሞ ኣንጻር’ቲ መላኺ ስርዓት፡ ሓያሎ ኤርትራውያን ምስቶም ንነዊሕ እዋን፦

1. ኣብ ልዕሊ ግዝኣት ወይ መሬት ኤርትራ ኣስፋሕፋሒ ህርፋን ከሰራስሩ ዚጸንሑን ዘሰራስሩ ዘለዉን፤
2. ብግብሪ ዚተራእየ ታሪኽ ናይ ወራርን ግህሰት ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ዘለዎም፤
3. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕታት፡ እንተላይ ጥርዝያታትን ራስያን ዚፈጸሙ፤
4. ንኤርትራዊ ሃገርነት፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት፡ ንኤርትራዊ ሓድነት፡ ንኤርትራዊ ኮማዊ ስኒት፡ ንኤርትራዊ ባህላዊ ክብርታት፡ ወዘተ.፡ ብቐጻሊ ከዳኽሙን ከጸልሙን ዚጸንሑን ዘለዉን፤

ተጻባእቲ ባዕዳዊ ሓይልታት ብቕሉዕ ኣሻሪዮም፡ ብንጥፈት ዚድግፉን ብግሁድ ዘማልዱን ኣለዉ። እቲ ዚኸፍአ ድማ፡ ብዘይ ሕፍረትን ጣዕሳን ይቕጽሉዎ ምህላዎም ኢዩ።

ሕሉፍ ሓሊፎም፡ ንሓድሽ ወራር ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኪዕድሙ፣ ነቲ ብሓይልታት ወያነ ኣብ ልዕሊ’ቶም ኣብ ትግራይ ዚተዓቑቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ኪፍጸም ዚጸንሐ ዘስካሕክሕ ግፍዕታት ክሳብ ምኽሓድ፡ ምንሓፍ ወይ’ውን ምምኽናይ ኪኸዱ ክትዕዘብ ኣዝዩ ዘስደምም ተርእዮ ኢዩ። ምስ ተጻባእቲ ባዕዳዊ ሓይልታት ብምውጋን፡ ቀይሕ መስመር ሰጊሮም፣ ፍጹም ሞራላዊ ጥፍሽናኦም ኣቃሊዖም፣ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ነቲ ዳያስፖራዊ ተቓውሞ ብዝያዳ መቓቒሎምን ነንሓድሕዱ ኣተፋኒኖምን ኣለዉ።

ኣብ ህይወት ደቂሰብ ኰነ ኣብ ምዕባለ ሰብኣዊ ሕብረተሰብ፡ ለውጢ ቀዋሚ ረቛሒ ኢዩ። ግዜ ድማ ለውጢ ዘስገድድ ዓቢ ፈታሕ ሽግር ኢዩ፤ ነቶም በብእዋኑ ዚቕልቀሉ ግድላት በብመድረኹ መዕለቢ እናዋደደ የወግን። ኣብ መወዳእታ ትንታኔ፡ ታሪኽ ኣብ ፍርዱ ንዚኾነ ከዳዕ ወይ ዕሱብ ኣየናሕስን ኢዩ። እዋኑ ምስ ኣኸለ፡ እዚ ኹሉ ተሓላቒ ረብሓታት ናይ ተጻባኢ ባዕዳዊ ሓይሊ ብምዃን፡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምጥቃን፣ ነቲ ሃገራዊ ሓይሊ ምዝላፍ ኰነ ኣብ ውሽጢ’ቲ ተቓውሞ ሓድሕዳዊ ምትፍናን ምፍጣር፣ ምስ ኣብቅዐ፤ ብርግጽ ድማ ከብቅዕ ኢዩ፣ ንሃገራዊ ዕርቅን ማሕበራዊ ስኒትን ባይታ ዘጣጥሕ፣ ንኹሉ’ቲ ዚተፈጸመን ዚፍጸም ዘሎን ክድዓት፡ በደላት ይኹን ገበናት ዚእርም፣ ነቶም ግዳያት ዚድብስ፣ ተሓታትነት ዘረጋግጽ ኣሰጋጋሪ ፍትሒ ምስልሳል ግድን ከድሊ ኢዩ።

እቲ ኣብ ትሕቲ መድቈስቲ ናይ ሓደ ኣረሜናዊ ውልቀ-መላኺ ንነዊሕ እዋን ብሕሰም ኪሳቐ ዚጸንሐ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ኣብ ወሳኒ ህሞት ይርከብ። እቲ መወዳእታ ናይቲ ሓሳድ ስርዓትን ብልሽታዊ ኣገባብ ምሕደርኡን ኣብ ደረት ትርኢት ቀሪቡ፤ እቲ ኪስዕብ ዚግባእ ደሞክራስያዊ ስግግር ኪትግበር ዚከኣል ምዃኑ ድማ እናበርሀ መጺኡ ኣሎ። ጸጋታትና ኣኻኺብና ኣድማዒ ስራሕ ንምስልሳል ምስ እንበቅዕ፡ ኣብ ጥርኑፍ ሓባራዊ ጽምዶ ምስ እንኣቱ፡ ንተግባራዊ ዓቕሚ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኰነ ኣብ ዳያስፖራ ዚነብር ህዝብና፡ ኣብ ምሕያል ዓቢ እጃም ከነበርክት ከም እንኽእል እኣምን። ብርግጽ፡ ኣብ ሃገርና ሰላም፡ ፍትሕን ራህዋን ንምስፋን ርእሰ-ምምሕዳራዊ ለውጢ ኣብ ምቅልጣፍ ክንሕግዝ፣ ርጉእ ሰላማዊ ስግግር ናብ ቅዋማዊ መንግስትን ደሞክራስያዊ ምሕደራን ኣብ ምምጻእ ከነበርክት ንኽእል።

ሎሚ እቲ ናይ ቀረባ ጒደቦና ብዓሚቕ ቅልውላው ናይ ኵናት፡ ዘይርግኣት፡ ህውከትን ምትፍናንን ይሕመስ ኣሎ። ብፍላይ ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣደዳ ኲናት ሓድሕድን ኣዕናዊ ጒድናዊ ሳዕቤናቱን ኰይኑ ኣብ ሕሱም ስቓይ ይርከብ። በጨቕታ

ናይቲ ኲናትን ህውከትን ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን፡ እንተላይ ኣብቲ ዳያስፖራዊ ተቓውሞ፡ ሓያል ኣሉታዊ ስንብራት ከም ዘኸተለ ንኹላትና ብሩህ ኢዩ። ንሓደ ካብቲ ቀንዲ ጠንቅታት ናይዚ ኣሉታዊ ስንብራት'ዚ ኣብቲ ዳያስፖራዊ ተቓውሞ ንምግላጽ፡ ንሓደ ካብቲ ኣብ 2ይ ኲናት ዓለም ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ዚነበረ ዊንስቶን ቸርቺል ኣብ ሓደ እዋን ኣጋጢሙኒ ዚበሎ ፍጻሜ ብቓሉ እጠቅስ፡-

"ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቢቢሲ (BBC) ቃለመጠይቕ ንምክያድ፡ ታክሲ ወሲደ። ኣብኡ ምስ በጻሕኩ፡ ነቲ በዓል ታክሲ፡ ክሳብ ዝምለስ ን40 ደቓይቕ ኪጽበየኒ ሓቲተዮ። እቲ በዓል ታክሲ 'ንዛይ ከይደ ንመደረ ዊንስቶን ቸርቺል ክሰምዕ ስለ ዘለኒ፡ ኣይትሓዘለይ፡ ክጽበየካ ኣይክእልን'የ' ኢሉኒ። በቲ ንመደረይ ክሰምዕ ምድላዩ፡ ኣዝየ ተገሪመን ተሓጒሰን፡ መን ምዃነይ ከይነገርኩዎ፡ ኣብ ክንዲ 5 ፓውንድ፡ 20 ፓውንድ ኣውጺአ ሂበዮ። ነቲ ገንዘብ ምስ ተቐበለ፡ "ጐይታይ፡ ክሳብ ትምለስ ንሰዓታት ክጽበየካ እየ። ግደፎ ቸርቺል ኣብ ገሃነም ይኺድ፣ ክጽበየካ እየ" ኢሉኒ።

እቲ ምህሮ ኣዝዩ ንጹር'ዩ። መትከላት ብኸመይ ብገንዘብ ከም ዚልወጡ የርኢ። ሃገር ንገንዘብ ትሸየጥ፤ ክብረት ንገንዘብ ይሸየጥ፤ ስድራቤታት፡ ኣዕሩኽ ብገንዘብ ተጻሊኦም ይፈላለዩ፤ ሰባት ንገንዘብ ይቐትሉ፣ ንገንዘብ ጊልያታት ኰነ ከደምቲ ይኾኑ፤ ንገንዘብ ሃገሮምን ህዝቦምን ከዲዖም ንጻላኢ ይዕሰቡ።

እዚ ኹሉ ጥልመትን ክድዓትን ብዘየገድስ፡ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ውሽጣዊ ኤርትራዊ ጉዳይ ምዃኑ፣ መጻኢ ዕድል ኤርትራ ኣብ ኢድ ናይ ዚኾነ ባዕዳዊ ሓይሊ ዘይኰነስ፣ ኣብ ኢድ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኢድ ናይዚ ሓድሽ ኤርትራዊ ወለዶ፡ ምህላዉ ፍጹም ብምእማን፡ ብኣድማዕነት ንምስራሕ ንበገስ። ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ'ዚ፡ እቲ ፕሮ-ደሞክራሲ ዚኾነ ኤርትራዊ ተነጣጣፊ ኣብ ዳያስፖራ፡ ኣብቲ ውሽጣዊ ግጭት ኢትዮጵያ፡ እንተኾነ ኣተዓራቒ ተራ ኪጻወት፡ ብዚተረፈ ድማ፡ ምዙን ዘይሻራዊ መርገጺ ኪሕዝ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ንሕና ብቐዳምነት፡ ኣብቲ ነቲ ህሉው ምልካዊ ስርዓት ብሓደ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ፡ ደሞክራስያዊ መትከላትን ኣኽብሮት ሰብኣዊ መሰላትን ዚምስረት፡ ቅዋማዊ መንግስቲ ንምትካእ ዚካየድ ሃገራዊ ጻዕሪ ከነድህብ ይግባእ።

ሎሚ ኣብዚ ኣብ ትሕቲ *ምሕያል ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኣብ ለውጥን ደምክራስያዊ* ስግግርን ዚብል ቴማ ዚጋባእ ዘሎ ሲምፖዝዩም ኤርትራ 2021 ምእንቲ እዚ ዕላማ'ዚ ኢና ተኣኪብና ዘለና። እቲ ማእከላይ ህሞታዊ ሕቶ፡ ነቲ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ብድሆ ንምምካት ይኹን መድረኻዊ ሓላፍነትና ንምስካም ተቐሪብና ኣለና ዲና፧ ዚብል ኢዩ። ነፍሲ ወከፍና፡ ኣነ ምስቶም ምሳይ ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ዘለዎም ደቂ ሃገረይ ብሓባር ብምስራሕ ነቲ ጾር ክስከሞን ነቲ ዕማም ክፍጽሞን ድሉው ድየ ዚብል ሕቶ ከልዕልን ብጽሞና ኪምልስን ይግባእ።

ናብቲ ምዱብ ፕሮግራምና ብዝርዝር ቅድሚ ምእታው፡ ምናልባት ብዛዕባ ሓደ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዚተቐልቀለ፣ ነቲ ዳያስፖራዊ ፖለቲካ ኤርትራ ብዝያዳ ዚመቓቕል ኣርእስቲ ሓጺር ሓፈሻዊ መግለጺ ምቕራብ ኣገዳሲ እመስለኒ። እዚ ድማ እቲ *'መንግስቲ ኣብ ስደት'* ዚብል እማመ ኢዩ። ከም መበገሲ፡ እቲ እማመ ንገዛእ ርእሱ ሓድሽ ኣይኰነን። ቅድሚ ዓሰርተ (10) ዓመታት ኣቢሉ ካብ ወጻኢ፡ ብደገፍ ግዳማዊ ሓይልታት ኣብ ኤርትራ ስርዓት ንምቕያር ተወጢኑ ብግብሪ ኣብ ፍጹም ፍሽለት ዕንክሊል ኪብል ዚጸንሐ ህውተታ ኢዩ።

እቲ ዛጊት ዘጋጠሞ ፍሽለት ድማ፡ ንኤርትራን ህዝባን ጸጋ እምበር ዕዳ ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ እቲ ውድዓዊ ውጽኢት ናይ ኮሎ'ቲ ብግዳም ዚመጽእ ለውጢ፣ ርሑቕ ከይከድና፡ እቲ ንህዝብታት ሶማልያ፡ ዒራቕ፡ ሲርያ፡ ሊብያ ኰነ ኣፍጋኒስታን ዚሕምስ ዘሎ ኣሰቃቒ ክዉንነት እኹል መርኣያ ኢዩ። ስለዚ፡ ከምቲ ብናይ ግዳም ሓይልታት ተሓርዩ ንዒራቕን ህዝባን ኣብ ዓሚቝ ዓዘቕቲ ናይ ቀጻሊ ቅልውላው ዘሸመመ "መራሒ" ዚኸውን፡ ኤርትራዊ ኣሕመድ ሻላቢ ንህዝብናን ሃገርናን ዚጐድእ'ምበር ዚጠቅም ኣይኰነን።

እቲ እማመ ‘መንግስቲ ኣብ ስደት’፡ ብቐዳምነት ኣብቲ ነቲ ብሕብረብሄራዊ ሓድነትን ኮማዊ ስኒትን ዚልለ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከም “ብክልተ ኣተሓሳስባታት፡ ብክልተ ባህልታት፡ ብክልተ ቋንቋታት” ዚቑመ ሕብረተሰብ ኣምሲሉ ዚገልጽ ግጉይ መቓቓሊ ጉጅላዊ መበገሲ (divisive sectarian premise) ሰረት ዘንጸፈ ኢዩ። እቲ ትግባረ ናይ ከምዚ ዚኣመሰለ ጉጅላዊ ፖለቲካ (sectarian politics) ኣብ ሊባኖስ፡ ነቲ ብቐጻሊ ኲናት ሓድሕድ፡ ምቅትታልን ህውከትን ዚሕመስ ህዝቢ ሊባኖስ ጐዲኡ’ምበር ኣይጠቐመን። እቲ ኣዝዩ ዘሐዝን ዚጠፈሸ ሊባኖሳዊ ክዉንነት ድማ፡ ንኤርትራ ካልእ ሊባኖስ ምግባር፡ ተመሳሳሊ ጉድኣትን ጥፍሽናን እምበር ፋይዳ ከም ዘይህሉዎ ዘረጋግጽ ህያው ኣብነት ኢዩ።

ብዘይካ’ዚ፡ እቲ እማመ “መንግስቲ ኣብ ስደት” ዘይምልሶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣለዉ። (1) ሕቶ ግዝኣተ ሕጊ፡ (2) ሕቶ ውክልና ህዝቢ፡ (3) ሕቶ ግቡእነት ስርዓት፡ (4) ሕቶ ግብራውነት ኣብ ባይታ፡ (5) ሕቶ ውድዓዊ ሳዕቤን ኣብቲ ቅዋማዊ መንግስቲ ንምትካል ዚካየድ ቃልሲ። እዚኣቶም ገለ ካብቶም እቲ እማመ “መንግስቲ ኣብ ስደት” ዘይምልሶም፡ ኣብ ቅድሚት ተገቲሮም ዚርኣዩ ጉሉሓት ጉዳያት ኢዮም።

እቲ ኣብ ስደት ዚቐውም ‘መንግስቲ’፡ (1) ሓቖፌ ውክልና ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ኰነ ኣብ ዳያስፖራ ዘይህሉዎ፣ (2) ግቡእ ወይ ሕጋዊ ኣቀዋውማ ዚጐድሎ፣ (3) ግብራዊ ተፈጻምነት ዘይብሉ ይኸውን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ክንዲ ከም መመላእታ ናይቲ ዘቤታዊ ደሞክራስያዊ ጻዕሪ መጠን፡ ርእሰ-ምምሕዳራዊ ለውጢ ኣብ ምድራኽ ዘበርክት፣ ንነብሱ፡ ከም መተካእታ ወይ መወዳድርቲ ናይቲ ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ሓይሊ ብምቕራብ፣ ነቲ ብኤርትራዊ ዋንነትን ዓቕምን ምእንቲ ግዝኣተ ሕግን ርጉእ ደሞክራስያዊ ስግግርን ዚካየድ ሃገራዊ ቃልሲ ዚዕንቅፍ ውድዓዊ ስንብራት ከም ዘስዕብ ኣብነት ናይ በዓል ሊብያ እኹል መርኣያ ኢዩ።

ሕጂ ናብቲ ኣብዚ ሎሚ ዘተኣኻኽበና ቀንዲ ጉዳይ ክምለስ።

ሲምፖዝዩም ኤርትራ 2021 ኣብ ሓሙሽተ ቴማዊ ፓነላት ከተኵር ኢዩ፡-

**ፓነል 1፡ ገምጋም እዋናዊ ኵነታት ኤርትራን ዞባን፤** ክፋል 1፡ ብዛዕባ እዋናዊ ኵነታት ኤርትራን ዞባናን፣ ክፋል 2፡ ብዛዕባ እቲ ዚምዕብል ዘሎ ጆኦፖለቲካዊ ኵነታት፣ ዚዝቲ።

**ፓነል 2፡ ቃልሲ ምእንቲ ፍትሕን ደሞክራስን ኣብ ዘመነ ሓሶትን ዘይሓቅነትን፤** ክፋል 1፡ ብዛዕባ ሓበሬታ ብመንጽር ፕሮፓጋንዳ፡- ምምማይ ክዉንን ፈጠራን፣ ክፋል 2፡ ብዛዕባ ሓድሽ ሚድያ፡ ኣሃዛዊ (ዲጂታል) ዳያስፖራን ፖለቲካዊ ተነጣጣፍነትን፣ ዚዝቲ።

**ፓነል 3፡ ምሕያል ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኣብ ደሞክራስያዊ ለውጢ፤** ክፋል 1፡ ብዛዕባ ውሽጣዊ ደረኸቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ፣ ክፋል 2፡ ብዛዕባ ግዳማዊ ኣቀላጠፍቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ፣ ዚዝቲ።

**ፓነል 4፡ እዋናዊ ብድሆታት ኤርትራዊ ተቓውሞ ኣብ ዳያስፖራ፤** ክፋል 1፡ ብዛዕባ ተወዳደርቲ ኣረኣእያታት ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ፣ ክፋል 2፡ ብዛዕባ ልዑላውነት ከም ሃገርን ከም ህዝብን፣ ዚዝቲ።

**ፓነል 5፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘቃላጥፍ ጥርናፈ፤** ክፋል 1፡ ብዛዕባ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘቃላጥፍ ጥርናፈ፣ ክፋል 2፡ ብዛዕባ ምህናጽ ሃገራዊ ማዕከን ዜና ወይ ሚድያ፣ ዚዝቲ።

ነፍሲ ወከፍ ፓነል፡ ብሓደ ኣላዛብን ክልተ መደርትን ዚተወደበ ኢዩ። ደድሕሪኡ ናጻ ክፉት ዘተ ይቕጽል።

ምስዚ ኹሉ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ፡ እዚ ህሉው ኵነታት ዞባናን ሃገርናን፡ ነቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓይሊ ብሓደ ወገን ብድሆታት በቲ ካልእ ድማ ዕድላት ፈጢሩሉ ከም ዘሎ ምስትብሃል ኣገዳሲ ኢዩ።

እዚ ኣብዚ ቅልውላዋዊ ህሞት’ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ምሕያል ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኣብ ለውጥን ደምክራስያዊ ስግግርን ዚብል ኣርእስቲ ዚሰላሰል ዘሎ ኣገዳሲ ሲምፖዝዩም’ዚ፣ መድረኽ ናጻ ክፉት ዘተ ብምውዳድ፡ (1) ብዛዕባ ሃለዋት ሃገርናን ህዝብናን ሓባራዊ መረዳእታና ዘዐቢ፣ (2) ብዛዕባ’ታ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ሓባራዊ ራእይ ዚኹስኵስ፣ (3) ኣብታ ፍትውቲ ሃገርና ለውጢ ንምቅልጣፍን ርጉእ ደሞክራስያዊ ስግግር ንምድራኽን፡ ብፍላይ ኣብ ፖለቲካውን ዜናውን ዕዮ፡ ብኣድማዕነት ንምቅላስ ናብ ዘኽእል ጥርኑፍ ኣሰራርሓ ብዘምርሕ ውጽኢት ኪዛዘም ተስፋ እገብር።

ጽን ኢልኩም ስለዝሰምዕኩምኒ ኣመስግን።

ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!